# ናይ ሓዘን መልእኽቲ



ገዲም ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም ክፍሉ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለ ሓላፊ ክፍሊ ዜና ተሓኤ ዝነበረ ብዝሓደሮ ሕማም ብ27 መጋቢት 2015 ኣብ ስደት ኣብ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣትላንታ ጆርጂያ ካብዛ ዓለም ብሞት ክፍለ እንከሎ ከም ደቂ ሰባት መጠን ንኹሎም ስድራቤቱን መቓልስቱን ኣዕርኹን መታዓቢይቱን ዝነበሩ ከቢድን መሪርን ሓዘን ክስምዖም ባህሪያዊ እዩ።

ደቂ ሰባት ብህይወት እንከለዉ ብዛዕባ ናይ ቃልሲ ታሪኾም ይኹን ሞዮኦም ምጽሓፍ ኣብ ሕ/ሰብና ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ዝተለምደ ኣይኮነን። ኣብ ምዕባለ ሕ/ሰብ ደቂ ሰባት ካብ ጭቆና ንምውጋድ ንዝገብርዎ ተጋድሎ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ታሪኽ ዝሰርሕ እቲ ሰፊሕ ሓፋሽ ተቓላሳይ ህዝቢ እኳ እንተኾነ ኣብ ክሊ እዚ ተራ ናይ ውልቀ ሰባት እውን ኣነኣኢስካ ዘይረአ ምኳኑ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ግንዛቤ ዝኣቱ ኣይኮነን። ስለዚ ኽኣ ተራ ውልቀ ሰባት ግዲኦም ወይ ሞዮኦም መብዛሕትኡ ጊዜ ብሕማም ይኹን ወይ ብካልእ ሓደጋ ካብዛ ዓለም ድሕሪ ምሕላፎም ሓሓሊፉ ዝዝከር እዩ ዝኸውን።

ስለዚ ኣነ እውን ብዛዕባ ገዲም ውፉይን ጽኑዕን ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም ካብ ንውሕ ዝበለ ጊዚያት ከም ናይ ቀረባ መቓልስቱ ካብ ዝነበሩ ሓደ ብምኳነይ ዋላ እኳ ሞት ንቡርን ባህርያውን እንተኾነ ብጻይ ተስፋማርያም እቲ ንሱ ዝተቓለሰሉ ዕላማ ሓዳስ ደሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ ክውን ክትከውን ልዑል ትጽቢታት ዝነበሮ እዚ ብዘይምርግጋጹን ምርኣዩን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብታ ዝፈትዋ ሃገሩ ሬስኡ ንቡር ሓመድ ኣዳም ከይልበሰ ኣብ ወጻኢ ሃገር ክቕበር ምኳኑን ሕልፈቱ ዝያዳ ዘሕዝን ይገብሮን በዚ ኩሉ ድማ መሪር ሓዘን ይስምዓኒ። ተስፋማርያም ቅድሚ ምስላፉ ይኹን ድሕሪ ምስላፉ ኣብ

ዝቃለሰሎም ዝነበረሉ ህሞት ዝነበሮ ልሉይ ተራ፡ ዋላኳ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሰፊሑ ንቕድሚት ተጸኒዑ ክጸሓፍ ንተመራመርቲ ታሪኽ ብዓቢኡ ዝግደፍ ይኹን ደኣ እምበር ተስፋማርያም ገለ ካብቲ ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሮ ኣስተዋጽኦን ገለ ዝፈልጦም ገለ ገለ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኡን ተመኩሮኡን ሕልፍ ሕልፍ ኢለ ንግዜኡ ገለ ዝተወሰኑ ካብኣቶም ከይጠቀስኩ ክሓልፍ ሕልናይ ኣይፈቕደለይን።

ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም ቅድሚ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ምስላፉ ንቃልሲ ምስ ተተሓሓዞ ይኹን ድሕሪ ምስላፉ ኩሉ ሃሙን ቀልቡን ንቃልስን ቃልስን ጥራሕ ህይወቱ ኣወፍዩ ዝጽዕትን ዝርእን ጽኑዕ ናይ ሓርነት ተቓላሳይ እዩ ነይሩ። ቅድሚ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ምስላፉ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ናይ ቁጠባ /ኢኮኖሚክስ/ ተማሃራይ ኮይኑ ትምህርቱ ኣብ ዝከታተለሉ ዝነበረ ናይ 4 ዓመታት ዳርጋ ዝበዝሐ ጊዜኡ ካብ ናይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣብቲ ናይ ቃልሲ ዝጠፍአ ጊዚኡ ዝበዝሐ ነይሩ።

ተስፋማርያም ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራን መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራን ብሰፊሑ ንምጽናዕን ኣርሒቑ ንምርኣይን ናይ ብዙሓት ተመኩሮታት ሰውራታት ዓለምን እንከላይ ኣብቲ ህሞት እቲ ብዓለም ደረጃ ገኒኑ ወጺኡ ዝነበረ ናይ ጸገም ኣተሓሳስባታት ኣብ ምርዳእ ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ብርክት ዝበሉ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣንቢቡን ተረዲኡን እዩ። ስለዚ ብስነሓሳባዊ ዓቕሚ ይኹን ብተመኩሮ ሰውራ ኤርትራን ሰውራታት ዓለምን ብዙሕ ንቕድሚት ዝኸደ ግንዛበታት ጨቢጡ ነይሩ እዩ። ከምኡ ስለ ዝነበረ ኸኣ እዩ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ናይ ተምሃሮ ማሕበር ክቐውም እቲ ተማሃራይ ኣብ ዝሓተሉን ኣድማታት ኣብ ዝገበረሉን ዝነበሩ ጊዝያት ንሱ ሓደ ካብቶም ብቕድመ ግንባር ዝነጥፉ ዝነበሩ ብጾት ኮይኑ እዚ ማሕበር’ዚ ክዕወት ብትሪ ካብ ዝተረባረቡ ሓደ እዩ ነይሩ። በዚ ኸኣ እቲ ማሕበር ተማሃሮ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ብቓልሲ ሕጋዊ ኣፍልጦ ረኺቡ ምስ ተመስረተ ንሱ እዩ እቲ ናይ መጀመርያ ፕረዚደንት ናይ ማሕበር ኮይኑ ዝተመርጸን ኣብ ምምርሑ ዕዙዝ ተርኡ ዝተጻወተን።

ከምዚ ኢሉ ነቲ ማሕበር ብንጥፈት ብኣቦመንበርነት እናመርሖ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ ጊዜ’ዩ ኸኣ ኣብ ወግዓዊ ልሳን ናይቲ ማሕበር ነቲ ቃልሲ ዘለዓዕሉ ጽሑፋት ኣብ ምብርካትን መደረታትን ኣብቲ ተማሃራይ ብምቕራብ ኣገደስቲ ናይ ምልዕዓል ኣበርክቶ ነይርዎ እዩ። ንናይ ካልኣይ ደረጃ ተማሃሮ ኣካዳምያዊ ዓቕምታቶም ክብ ንምባል ክሕግዞም ብዝብል ሸፋን ምስ

ኣ/ኣ ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ ብምዃን ክረምቲ ክረምቲ ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት ዝውደቡ ፓናላትን ዝተወደቡ ናይ ምይይጣት ጉጅለታት ይኹን ክነጥፉ ኣብ ምግባር ተርኡ ልሉይ ነይሩ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ መንደፈራ /ሳንጆርጆ/፡ ደቀምሓረን ከረንን  ኣብ ትሕቲ ሽፋን ኣማኸርቲ ባይቶ /እስቱደንት ካውንስል/  ንምቛም ኣብ ዝገብርዎ ዝነበሩ ጻዕርታት ከመይ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ፖለቲካዊ ግንዛበታቶም ክዓቢ ይግበርን ኩሎም ብሓደ ሓሳብን ተግባርን ተወሃሂዶም ይሰርሑን ኣብ ዝብል ዛዕባ ዝሓሸ ሓሳባትን ኣስተዋጽኦን የቕርብ ነይሩ እዩ። ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም  ነፍስ ወከፍ ተምሃራይ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ምስ ወደአ ኣብ ሃገራዊ ብረታዊ ተጋድሎ ንኽስለፍ ሜዳ ክወርድ እዩ ዘለዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ሒዙ ኣብቲ ምንቅስቓስ ንዝሳተፉ ብጾት ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቶም ሜዳ ክኸዱ የለዓዕል ነይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ተመረቐ ንባዕሉ እውን ኣብነት ኮይኑ ብዙሕ ከይጸንሐ በቲ ሽዕኡ ኣብ ከተማ ከረን ምስ ፈዳይን ተተሓሒዙ ዝሰርሕ ዝነበረ ጽኑዕ ናይ ተ.ሓ.ኤ ውሽጣዊ ውዳበታት ብዝተጸንዐን ዝተዋደደን መንገዱ ኣቢሉ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ እዩ ዝተጸንበረ።

ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተጸንበረ እውን ምስ ናይ ተ.ሓ.ኤ ኣመራርሓታት ብሓሳብን ተግባርን ክተሓጋገዝ ድሕሪ ምጽናሕ ብ1975 ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሳቲፉ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ፈጻሚት ሽማግለ ናይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዜና ሓላፊ ኮይኑ ተመርጸ። በዚ ኸኣ ክሳብቲ 1980 ተ.ሓ.ኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ተደፊኣ ንሱዳን  ዝወጸትሉ ግዜ ኣብ ኣመራርሓ ጸኒሑ። ኣብ ውሽጢ እዚ መስርሕ ናይ ቃልሲ'ዚ ካብ ዝገበሮም ገለገለ ካብ ኣገደስቲ ኣስተዋጽኦታቱ ንምጥቃስ ዝኣክል።

- ቅድሚ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ኣብ ንምልዕዓልን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ስሩዕ ኣብ ዘይኮነ ጊዝያት ሓሓሊፎም ዝወጹ መጽሔታትን በረርቲ ጽሑፋት ዝነበሩ እኳ እንተኾኑ ድሕሪ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ግን ምስቲ ሽዕኡ ብብዝሒ ዝተሰለፈ ዓቕሚ ሰብን ክርከብ ዝኽኣለ መሳርሕታትን ኩሉ ኣብ ኣጠቓላሊ ኣመራርሓታት ጉዕዞ ቃልስን ዝነበረ ድኽመታትን ናይቲ እዋን'ቲ ናይ ንቕሓት ደረጃን ግንዛበታትን ዘጋጠሙ ጸገማትን ብርክት ዝበሉ መጽሔታትን ጽሑፋትን ዕሙቕ ብዝበለ ክልሰሓሳባዊ ትሕዝቶ  እንከላይ ዘጠቓልሉ መጽሔታት ብስሩዕ እናወጹ ደሓን ዝኾነ ትምህርቲ ክቕሰመሎም

ዝተገብሩ ነይሮም እዮም። እዚ ብቐረባ ኣብቲ ተጋዳላይን ህዝብን ኣብ ዘዘለዎ ከባቢታት ኣብ ግዜኡ ክበጽሕ ምእንቲ ክከኣል ኣብ ባርካ ካብ ዝነበረ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ኣብ ከበሳን መሬት ዓፋር /ደንከል/ን ጨናፍራት ቤት ጽሕፈት ዜና ተደኲነን ኣብ ቀረባ ይጸሓፍን ይዳሎን ይዝርጋሕን ነይሩ እዩ። ነዚ ኣብ ምውዳቡ ይኹን ባዕሉ እውን እናተሳተፈ ኣስተዋጽኦ ኣብ ምግባር ተራ ተስፋማርያም ዕዙዝ እዩ ዝነበረ።

- ናይ ብርጌዳት ስርርዕ ምስ ተገብረን ኣብኡ ፖለቲካዊ ኮሚሳርያት ምስ ተመደቡን ብናይ ፈጻሚት ሽማግለ ውሳኔ ኣብ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ክሕግዝ ዝኽእል ሓደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ክዳሎ ብዝተወሰነ መሰረት ብ1978፡ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራን፡ ሃገራዊ ሓርነታዊ ሕቶ ሰውራ ኤርትራን ዝብል ሓደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ሓውሲ መጽሓፍ ኮይኑ ዝወጸ ዕብይ ዝበለ ቡክሌት ዓይነቱ 124 ገጽ ዘለዎ ኣዳሊዩ ንፈጻሚት ሽማግለ ኣቕሪቡ። ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም ቅድም ኢሉ ብዝነበሮ ኣፍልጦን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ምስ ተጸንበረ ዝቐሰሞ ተመኩሮታትን ሓበሬታታትን መሰረት ገይሩ ዘዳለዎ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ።

- ናይ መሬት ምዕዳልን ምድልዳልን ክገብር ብማሕበር ሓረስቶት ክፍሊክፍሊ መጽናዕቲ ይኹን ብፈጻሚት ሽማግለ ክካየድ ዝጸንሐ መጽናዕቲታት ብሓደ ተራእዩ ናይ መጨረስታ መልክዑ ክሕዝን ብፈጻሚት ሽማግለ ጸዲቑ ኣብ ተግባር ክውዕል ብዝተመደበ መሰረት ተስፋማርያም ካብ ፈጻሚት ሽማግለ ተመዚዙ ምስ ክፍሊ መጽናዕቲ ሓረስቶት ንውሕ ዝበለ ክትዓትን ምይይጣትን ተገይሩ እቲ መጽናዕቲ ኣብ ፍጻሜ ክበጽሕ ኣብ ምግባር ዘይነዓቕ ልዑል ተራ ነይርዎ። በዚ መሰረት ናይ መሬት ምዕዳልን ምድልዳልን ኣዋጅ ክረቅቕን ብፈጻሚት ሽማግለ ክጸድቕን ተገይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሱ ዝርከባ ላዕለወይቲ ናይ መሬት ምዕዳልን ምድልዳልን ሽማግለ ተመዚዛ ኣብ ተግባር ክውፈር ተገይሩ እዩ።

- ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ህ.ግ.ሓ.ኤን ናይ ጥቅምቲ ናይ ካርቱም ናይ ሓድነት ስምምዕ ምስ ተኸተመ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ኣረኣእያታት ንምርኣይን ፍልልያት ምስ ዝህልዉ ከኣ ንምቅርራቦምን መታን ክሕግዝ ተባሂሉ ነፍስ ወከፍ

ውድብ ነናቱ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከቕርብ ኣለዎ ተባሂሉ ዝተሰማምዑለን 5 ኣርእስታት ከቕርቡ ኣብ ዝተደልየሉ ሓደ ካብቶም ብሸነኽ ተ.ሓ.ኤ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከቕርቡን ኣብ ዘተ ክሳተፉን ዝተመዘዘ ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም እዩ ነይሩ። ንመጽናዕታዊ ጽሑፍ ክልስሓሳባዊ ትሕዝቶ ብዕምቆት ኣሰንዩ ኸኣ ዝተመዘዘሉ ጽሑፍ ኣቕሪቡ።

በዚ ዝኣክል ተጋዳላይ ተስፋማርያም ወልደማርያም ፖለቲካዊ ብስለቱን ንቕሓቱን ኣቃሊልካ ዘይረአ ልዑል ኣፍልጦን ዝነበሮ ጽኑዕን ውፉይን ምቕሉልን ርሕሩሕን ትሑትን ተቓላሳይ እዩ ነይሩ።

በዚ ኣጋጣሚ ሕልፈተ-ሞት ገዲም ተጋዳላይ ብጻይና ተስፋማርያም ወልደማርያም መሪር ሓዘን እናተሰማዓኒ ንመላእ ስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱ፡ ኣዕርኽቱን መተዓቢቱን ጽንዓት ይሃብኩም እብል። ንሱ ብሕራነ ክቓለሰሎም ዝተበገሰሎምን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለሎምን ናይ ህዝብና ዕላማታት ብኸንቱ ተሰናኺሎም ከም ዘይተርፉን ኣብ ፍጻሜኦም ክነብጽሖም ምኳናን ሕጂ እውን ብጽንዓትን ተወፋይነትን ንቃለሰሎም ምህላውና ከረጋግጸሉ እፈቱ።

**መሪር ሓዘን ካብ ዘተመዖ ብጻይካ**

**ተወልደ ገ/ስላሴ**

**ም/ኣ/ ህደግኤ**